TIGRINSKA

BROTTSOFFER JOUREN 116 006

Polisen

# ብሓባር ኣንጻር ገበን ጽልኢ

## ገበን ጽልኢ እንታይ እዩ?

ገበን ጽልኢ ማለት ንውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለ ሰባት ብድሕረ ባይታ ናይ መበቆሎም፡ ሕብሪ ቆርበቶም፡ እምነቶም፡ ጾታዊ ኣመላኻኽትኦም፡ መንነት ጾታ ወይ ኣገላልጻ፡ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኩነታት ተመርኲስካ ኮነ ኢልካ ምጥቃዕ ማለት’ዩ።

## ናይ ጽልኢ ገበን ግዳይ ወይ ድማ ምስክር ኮይነ ምስ ዝቐርብ፡ እንታይ ክገብር ይኽእል?

- እቲ ገበን ይቕጽል እንተሃልዩ- ንፖሊስ ብቑጽሪ 112 ደውል።
- እቲ ገበን እንተድኣ ተፈጺሙ፡ ነቲ ፍጻመ ብቑጽሪ 114 14 ብምድዋል ወይ ኣብ መደበር ፖሊስ ብምኻድ ሓብር።
- ናብ ሓገዝ ግዳይ ብቑጽሪ 116 006 ንክሕግዙኻ ወይ ንክሓቱልካ ተወከሶም። መጀመርታ ናብ ፖሊስ ምሕባሩ ኣኣድለካን እዩ።
- መንነትካ ከተፈለጥካ፡ ንፖሊስ ብዛዕባ ገበን ጽልኢ ክትሕብሮም ትኽእል ኢኻ። ነዚ ነገር ብቑጽሪ 114 14 ብምድዋል ወይ ብመስመር ኢንተርነት ኣብ polisen.se. ክትብር ትኽእል ኢኻ።

## ንምንታይ ገበን ጽልኢ ንፖሊስ ይሕብር?

እቶም ፖሊስ ክምርምሩ ከለዉ ናይ ጽልኢ ገበን ከም ዝነበረ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ካልኣይ ግዜ ንኸይድገም ድማ ምእንቲ ክቆጻጸርዎ። ዋላ’ኳ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ እንተዘይቀጸለ፡ ነቲ ገበን ብምሕባርካ ነቲ ሕብረተሰብ ውሑስ ትገብሮ ኣለኻ።

## ንምንታይ እዩ ኣነ ግዳይ ናይ ገበን ጽልኢ እንተኮይነ ሓገዝ ንኽወሃብ ኣገዳሲ ዝኾውን?

ግዳይ ናይ ገበን ጽልኢ ክትከውን ብጣዕሚ ዘሕርቕ እዩ። ብምኽንያት መንነትካ-እንታይነትካ ብሓደ ሰብ ክትጉዳእ ዘሎ ተሞክሮ ዓሚቕ ማህሰይቲ እዩ ዝገድፍ። ስለዚ ምስ ሓደ ከምዚ ዓይነት ገበን ግዳይ ዝኾኑ ሰባት ናይ ምእላይ ተሞክሮ ዘለዎ ክትዘራረብ ጽቡቕ ነገር እዩ። ሓገዝ ግዳያት ብክኢላታት፡ ተደናገጽቲ ንኽሰምዑ ግዜ ዘለዎምን ውልቃዊ ሓገዝ ከቕርቡ ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት ዝቖመ እዩ። ሓገዝ ምእንቲ ክህቡኻ ኢልካ ነቲ ጉዳይ ንፖሊስ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ። ሓገዛት ክሳዕ 20 ቋንቋታት ክቐርበልኩም ይኽእል እዩ።

## እቲ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ከም ኣካል ናይ ስወቒክ ፕሮጀክት እዩ ተዳልዩ

With the financial support from the Rights, Equality and Citizenship Programme of the Euro-pean Union, European Commission. This publication reflects the views only of the author, and the European Commission cannot be held re-sponsible for any use which may be made of the information conained therein.